
Tigrinya | ትግርኛ

Roll up for WA

COVID-19 Vaccination

# ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝገልጽ ሓቅታትፍለጥ




ብዛዕባ ሓድሽ ነገራት ሕቶታት ምሕታት ንቡር እዩ። ብዛዕባ እቲ ናይ ኮቪድ- 19 ክታበት ሓቂ ዝኾነን ዘይኮነን ፈሊኻ ፍለጥ። ብሓባር ኴይንና ምትእምማን ክታበት ከነሕድር ኣሎና፣ ምኽንያቱ ድማ ነፍሲ ወከፍ ዝተኸትበ ሰብ ነቲ ለብዒ ንኽንሓልፎ ስለ ዝሕግዘና።

## ሓቂ

### እቲ ክታበታት ካብ ሓደጋ ናጻ እዩ።

ኣብ መላእ ዓለም ዝነብሩ ብዙሓት ሰባት ብሓባር ብምስራሕ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ክፈጥሩ፣ ገንዘቦምን ተመራመርቲን ብምውዳድ ዋላ ሓንቲ ክወስድዋ ዝግበኦም ስጉምቲ ከይገደፉ ኣብ ውሽጢ አዋርሕ እቲ ስራሕ ተዛዚሙ። ኣብ ኣውስትራልያ ክታበታት ዝፍቀድ መርመራ ምስ ተገብረን ካብ ሓደጋ ናጻን ውጽኢታውን ኰይኑ ምስ ተረኽበን ጥራይ ኢዩ። ኩሉ ዓይነት ክታበታት ዘለዎ ጽሬትን ካብ ሓደጋ ናጻ ምኳኑን ንምርግጋጽ ተባሂሉ ምርምርን ቁጽጽርን ብቀጻልነት ይግበረሉ።

### ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ሂወት ዘለዎ ቫይረስ ስለ ዘይብሎም ኮቪድ-19 ከመሓላልፈልካ ኣይክእልን።

እቲ ኽታበታት ናይ ሓቂ ቫይረስ ከም ዝኾነ ብምምሳል ንኣካላትካ ድማ ብኸመይ ገዛእ ርእሱ ኽም ዝከላኸል ይምህሮ። እዚ ኸኣ ንኸይትሓምምን ናብ ሆስፒታል ንኸይትኣቱን ንኸይትመውትን ክሕግዘካ እዩ።

### ማይክሮቺፕ በቲ መርፍእ ክታበት ኣይኣቱን

እዚ ጽውጽዋይ እዚ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢ ኣብ ዝዝርጋሕ ናይ ሓሶት ቪድዮ ዝተመስረተ እዩ።

## ጽውጽዋይ

- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ካብ ሓደጋ ናጻ ምኳኑ ዘረጋግጽ ፈቓድ ብቕልጡፍ እዩ ተዋሂቡ።
- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ኮቪድ-19 ከመሓላልፈልካ ይኽእል እዩ።
- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ክከታተለኒ ዝኽእል ማይክሮቺፕ ዝሓዘ ኢዩ።

# ብዛዕባ እቲ ክታበት ዝገልጽ ሓቅታትፍለጥ

## ሓቂ

**እቲ ክታበታት ኣብ ዌስት ኣወስትራልያ (WA) ንነፍሲ ወከፍ ሰብ ናጻ ኢዩ**

እዚ ኸኣ ግዝያዊ ተቐማጦ፣ ስደተኛታት፣ ከምኡውን ግቡእ ቪዛ ንዘይብሎም ሰባትውን ዘጠቓልል እዩ።

**ኹሉ ኣብ እቲ ክታበታት ውሽጢ ዘሎ ነገራት ንፈልጦ ኢና**

እቲ ክታበታት መብዛሕትኡ ግዜ ጨው፣ ሽኮርን ስብሕን ዘለዎ ማይ ኢዩ። ኣብቲ ክታበታት፣ ግራፊን ኦክሳይድ፣ ግሉተን፣ እንቋቑሖ፣ ስርናይ፣ መርዚ ንህቢ፣ ላተክስ ወይ ፍርያት እንስሳታት የለን። ዋዕላ ፋትዋ ኣውስትራልያ ነዚ ክታበታት እዚ ሓላል እዩ ኢሉ ደጊፍዎ ኣሎ።

**ዋላ እውን ሜዲኬር እንተ ዘይብልካ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ክትወስድ ትኽእል ኢኻ**

ኣብ ቈጸራኻ መንነትካ ክተረጋግጽ ኣሎካ፣ ስለዚ በጃኻ ከም ፍቓድ መራሕ ማኪና፣ ደብዳበ ወይ ቢል ዝኣመሰለ ስምካ ዘለዎ ሰነድ ሒዝካ ምጻእ።

**ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ምውሳድ ኣብ ዝኾነ ይኹን ክፋል ኣካላትካ ማግነታዊ ኣይገብረካን**

ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ከምዚ ክገብር ዝኽእል ማግነታዊ ንጥረ-ነገራት ዝሓዘ ኣይኮነን። ማግኔት ንምስሓብ ብዙሕ ሓጺን የድልየካ። ንኣብነት ሰባት መብዛሕትኡ ግዜ ሓጺን ዝሓዘ ብዙሕ ቪታሚናት ይወስዱ እዮም። እዚ ኣዝዩ ኣብ ኣካላትካ ስለ ዝተዘርግሐን ዝተበረዘን ማግነታዊ ኣይገብሮምን ኢዩ።

**ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ንፍርያምነት (ናይ ምውላድ ክእለት) ኣይትንክፍን እዩ**

እዚ ክታበታት እዚ ነቲ ሕጂ ወይ ኣብ መጻኢ ህጻን ናይ ምውላድ ክእለትካ ኣይትንክፎን ኢዩ። ጥኑሳት ኣንስቲ ንገዛእ ርእሰን ኰነ ንውሉዳተን ንምክልኻል ነቲ ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ክወስዳ እውን ብጽኑዕ ኢዩ ዝምከር።

## ጽውጽዋይ

- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ንምርካብ ገንዘብ ዝሓትት ኢዩ።
- ኣብዚ ክታበታት እዚ እንታይ ከም ዘሎ ኣይንፈልጥን ኢና።
- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ንምርካብ እዋናዊ ናይ ሜዲኬር ካርድ ክህልወካ ኣለዎ።
- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ማግኔት ኣብ ኢድካ ከም ዝጣበቕ ክገብር ይኽእል ኢዩ።
- ናይ ኮቪድ-19 ክታበታት ንፍርያምነት (ናይ ምውላድ ክእለት) ይጸልዎ እዩ።

ነቲ ናይ ኮቪድ-19 ክታበት ቆጸር ንምሓዝ ተመዝገብ

rollupforwa.com.au

13COVID (13 26843)

ኣስተርጓሚ ንምርካብ * ጠውቑ